ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን

التحالف الديمقراطي الارتري

**ERITREAN DEMOCRATIC ALLIANCE**

# ፖለቲካዊ ውሳኔታት
## ካልኣይ ስሩዕ ኣኼባ ማእከላይ መሪሕነት

### 1. ኣፈታትሓ ፍልልያትን ምስሕሓባትን፡-

ኣብ መንጐ ኣባላት ኪዳን ዝኾና ፖለቲካዊ ሓይልታት ብፍላይ፣ ኣብ መንጐ ተቓወምቲ ኣካላት ድማ ብጠቕላል፣ ዝቕልቀል ምስሕሓባት ብዲሞክራስያዊ ልዝብን ብሓላፍነታዊ መንገድን ኽፍታሕ የተባብዕ።

### 2. ንኣገባብ ኣቀላልሳና ብዝምልከት፣ ኪዳን፡-

ሀ. ኵሉ ሽኻዊ ኣገባብ ኣቀላልሳ ክጥቀም፤
ለ. ኣብ መንጐ ወተሃደራዊ ክንፍታት ዘለወን ውድባት ናይ ስራሕ ምውህሃድ ክህሉ፤
ሐ. እዞም ሰራዊታት እዚኣቶም ኣብ መጻኢ ናብ ሓደ ሰራዊት ዝሰጋገርሉ ኵነታት ንምፍጣር ክጽዕት ወሲኑ።

### 3. ጕዳይ ዝርርብ ምስ ህልው ስርዓት፡-

ኣብ ኤርትራ ንዘሎ ፖለቲካዊ ቅልውላው ንምፍታሕን፥ ብሰላማውን ዲሞክራስያውን መንገዲ ምስግጋር ፖለቲካዊ ስልጣን ንምዕዋትን ዝዓለመ ዝርርብ ምስ ስርዓት ህ.ግ.ዲ.ፍ ንምክያድ፣ ኪዳን ናብ መኣዲ ዘተ ኪቐርብ ድሉው ምዃኑ የረጋግጽ።

### 4. ጕዳይ ዶብ ኤርትራን ኢትዮጵያን፡-

ኣብ መንጐ ኤርትራን ኢትዮጵያን ዘሎ ዘይተፈትሐ ናይ ዶብ ምሕንጻጽ ጕዳይ፣ ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ዘለዎ ሚዛንን መርገጽን በዚ ዝስዕብ ይገልጽ።

ሀ. ውሳኔ ኮሚስዮ ዶብ፣ ንፍሉጥ ኣካላት ኤርትራዊ ህዝብን መሬትን ቈሪሱ ናብ ኢትዮጵያ ዘሰጋግር ብምዃኑ ዘይፍትሓዊ ኢዩ።
ለ. ብመንጽር ውዕል ኣልጀርስ፣ ብሕጋዊ ዓይኒ ኪጥመት ከሎ፣ ብይን ኮሚስዮን ዶብ ደምዳምን ቀያድን ስለዝኾነ፣ ኣብ ግብሪ ኪውዕል ከምዝግባእ ኪዳን ይኣምን።
ሐ. ናይ ዶብ ኮሚስዮን ብይን፣ ዘይፍትሓዊ ብምዃኑ ኣብ ኣተገባብራኡ ንዘጋጥምዎ ሽግራት ብምግንዛብ፥ ብሰላማዊ ኣገባብ ጥራይ ክፍትሑ ከምዘለዎም ይርኢ።

### 5. ጕዳይ ኤርትራውያን ስደተኛታት፡-

ዲክታቶርያዊ ግዝኣት ኣብ ውሽጢ ሃገር ኣስፊንዎ ብዘሎ ናይ ጭቆናን ራዕድን ኵነት፣ ኤርትራውያን ናብ እተፈላለየ ዞናታት ዓለም እናሓደረ ብዝዛይድ ቍጽሪ ይስደዱን፥ ኣብ

እተሰደድሉ ቦታታት ንዝተፈላለየ ሽግራትን ሓደጋታትን ይሳጥሑ ምህላዎም ብምግንዛብን፥ ንድሕነቶምን ንሰብኣዊ መሰላቶምን ንምክልኻልን፡ ዝሕገዝሉ ኣኽእሎታት ንምስፋሕን ኪሕለቐሎምን ኪጽዕተሎምን፡ ዓቕሙ ዘፍቅዶ ምትሕብባር ኪገብረሎምን ወሲኑ።

## 6. ሃገራዊ ሰራዊት ኤርትራ፡-

ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ፡ ኣብ መጻኢ፡ ኣካል ናይቲ ንልዑላውነት ሃገር ዝዕቅብ ሃገራዊ ሰራዊት ኰይኑ ተራኡ ኪቕጽል ኪዳን ይቕበል።

## 7. ዝምድናና ምስ ህዝብታትን መንግስታትን ዞናና፡-

ኪዳን ምስ ዞናና ዝህልዎ ናይ ዝምድና ሰረታት ብምንጻር፡ ኣብ ናይ ሕድሕድ ናጽነት ፖለቲካዊ ውሳኔ ምኽባር ዝተመስረተ ኰይኑ፡ ንርግኣትን ሰላምን፡ ንሓባራዊ ረብሓን ምትሕግጋዝን ምምዕባል ኣውራ ዕላማኡ ዝገበረ ኰይኑ ንክህነጽ፡ ኪዳን ነቲ ጅሚርዎ ዝጸንሐ ጽዓታት ኣበርቲዑ ክቕጽሎ ወሲኑ።

24 መስከረም 2005